Kyrkoval
17SEP2017

ኣብ'ቲ ንዕለት 17 መስከረም ዝካየድ ናይ ቤተ-ክርስትያን ምርጫ ድምጽኹም እትህቡሉ ካርድ እንሆ

ሰንበት ዕለት 17 መስከረም ኣብ ቤተ-ክርስትያን ሃገረ-ሽወደን ቤተ-ክርስትያናዊ ምርጫ ዝካየደሉ ዕለት እዩ። እምበኣርከስ ኣብ ናይ ቤተ-ክርስትያን ጉዳያት ምሕደራ፡ ኣምልኾን ናይ ዝመጽእ እዋን ንጥፈታትን ወሰንቲ ዝኹኑ ጉጅለታትን ውልቀ-ሰባትን ክትመርጹ ዕድል ኣለኩም። ንመን ክትመርጹ ትደልዩ?

------- **(ውሽጣዊ ገጽ ናይ በራሪ ጽሑፍ)** ------

ኣብ መጻኢ ጽልዋ ይሃልኹም – ኣብ ናይ ቤተ-ክርስትያን ምርጫ ተሳተፉ!

ቤተ-ክርስትያን ሃገረ-ሽወደን ክትገብሮ ኣለዋ እትብልዎ ነገር እንታይ ኣሎ? ቤተ-ክርስትያናዊ ምርጫ ንዕለት 17 መስከረም ንኽካየድ ተሰሪዑ ኣሎ። እምበኣርከስ፡ ብዛዕባ መጻኢ ናይ'ዛ ቤተ-ክርስትያን እትውስኑ ወገናት፡ ንስኹምን ካልኦት ኣባላት ቤተ-ክርስትያን ሃገረ-ሽወደንን ኢኹም። ኩላቶም ዕድሚኦም ካብ 16 ዓመት ንላዕሊ ዝኾነ ኣባላት ኣብ'ዚ ምርጫ ድምጾም ክስምዑ ዕድል ኣለዎም።
ኣብ'ዞም ዝስዕቡ ኣርባዕተ ዓመታት ወሰንቲ ዝኹኑ ውሳኔታት ኣብ ምሕላፍ መሪሕ ተራ ክጻወቱ ይኽእሉ እዮም እትብልዎም ሰባት ኣለዉ ዶ? እቲ እትከፍልዎ ከፍሊት ቤተ-ክርስትያን ብኽመይ መገዲ ኣብ ጠቕሚ ኪውዕል ኣለዎ ትብሉ? ኣብ እትነብሩሉ ከባቢ ክትግበር ዘለዎ እንታይ ኣሎ? ቤተ-ክርስትያን ሃየናይ መርገጺ ክትሕዝ ኣለዋ? እዚ ቤተ-ክርስትያናዊ ምርጫ እዚ ድምጽኹም ንኽተስምዑ ዕድል ዝፈጥረልኩም እዩ!
ከባብያዊ ኣብያተ-ጽሕፈታት/ምሕደራታት ናይ ቤተ-ክርስትያን ሃገረ-ሽወደን ኣብ መላእ ሃገርን ወጻኢን ዝተዘርግሓ እየን። እዛ ቤተ-ክርስትያን እዚኣ ብመገዲ ማሕበራዊ ሚድያ ብቐጥታ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ትርከብ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ብመልከዕ ኣብያተ-ክህነት ናይ ሆስፒታላትን ካልእን ትነጥፍ። ዕላማና፡ ሰባት ኣብ ዘለውዎ ብምህላው ኣብ ጐድኖም ምኽን እዩ።
እዚ ቤተ-ክርስትያናዊ ምርጫ እዚ፡ ሕጹያት ጉጅለታት ኣብ ምምራጽ ድምጺ ምሃብ የጠቓልል። ምስ'ቲ ናብ ስልጣን ዝመጽእ ፖለቲካዊ ሰልፊ ንምምራጽ ዝካየድ ናይ ፓርላማ ምርጫ ምስእነገናዝቦ፡ መስርሑ ዳርጋ ተመሳሳሊ እዩ። ኣብ ሰለስተ ዝተፈላለዩ ደረጃታት ድምጽኹም ንኽትህቡ ዕድል ኪወሃበኩም እዩ፡- ኣብ ከባቢኹም ብደረጃ ከባብያዊ ጨንፈር/ምምሕዳር ቤተ-ክርስትያን፣ ብደረጃ ዞባ ኣብ'ቲ ንዓኹም ዝውክል ሰበኻዊ ክሊ፣ ከምኡ'ውን ብደረጃ ሃገር።

ንዝወሰድኩም ድምጺ መውሃቢ ካርድ ኣጥፊእኩም ወይ ብዛዕባ'ዚ ቤተ-ክርስትያናዊ ምርጫ ዝያዳ ክትፈልጡ ትደልዩ ዶ?
ኣብ'ዚ ዝስዕብ ገጽ ተወሳኺ ኣንብቡ (ብቑንቋ ሽወደን)፦ svenskakyrkan.se/kyrkoval

---

እቶም ቀንዲ ኣጋጣሚታት

እቶም ቀንዲ ዝበሃሉ ኣጋጣሚታት ኣብ ህይወት ናይ ሰባት ጽልዋ ኣለዎም። ናጽላ ውላድ ኣብ ኣእዳውካ ሓቕፍካ ደው ክትብል እንከለኻ፡ ምስ ኣንጻር ጾታ ኣብ ፍቕሪ ክትኣቱ እንከለኻ፡ መከራን ብስጭትን ከጥቅዓካ እንከሎ፡ ገለ ቅልውላው/ሓደጋ ኪጋጥም እንከሎ፡ ከምኡ'ውን ሓደ ሰብ ክመውት እንከሎ። ቤተ-ክርስትያን ኣብ እዋን ሓጎስ ኩነ ሓዘን ቦታ ሕብረት እያ፣ ምስ ኣሕዋትና ኩነ ምስ ኣምላኽ ድማ ጥቡቕ ርክብ ከምዘለና ይስምዓና።
ስርዓታትን ልምድታትን ቤተ-ክርስትያን – ስሩዓት ኣገልግሎታት ቤተ-ክርስትያን፡ ልደት፡ በዓል ትንሳኤ፡ መዓልቲ ኩሎም ቅዱሳት፡ ጥምቀት፡ ትህድስቲ፡ መርዓን ቀብርን – ኩላቶም ብዛዕባ ምስጋናና፡ ሓጎስና፡ እምነትናን ጥርጥርናን ውሽጣዊ ስምዒትና ከነፍስስ ዕድል ዝህቡና እዮም።

Kyrkoval
17SEP2017

ድንቂ ባህላዊ ውርሻ

ኣብ ሃገረ-ሽወደን፡ ኣብ ትሕቲ ቤተ-ክርስትያን ሃገረ-ሽወደን ዝመሓደሩ ኣስታት 3,400 ህንጻታት ቤት-መቕደስ ይርከቡ። ነፍሲወከፍ ህንጻ ብዛዕባ እምነት፡ ኣገልግሎታት ቤተ-ክርስትያን፡ ሙዚቃን ስነ-ህንጻን፡ ከምኡ'ውን ብዛዕባ'ቶም ዘምልኹሉ ዝነበሩ ሰባት ኩነ ሕጂ ዘምልኹሉ ዘለዉ ሰባት ዝብሎ ነገር ኣለዎ። እዚ ፍሉይን ድንቂን ዝኾነ ሓባራዊ ባህላዊ ውርሻ፡ ናይ ታሪኽ ሰራውሩ ኣብ'ዞም ዝሓለፉ ልዕሊ 1000 ዓመታት ዝሰደደ እዩ።

ንህጻናትን ነኣሽቱ መንእሰያትን ዝኸውን ቦታ

ህጻናት ኣብ ቤተ-ክርስትያን ሃገረ-ሽወደን ቀንዲ ተራ ዝጻወቱ ኮይኖም፡ ዝግበር ዘበለ ኣተኵሮ ድማ ኣብ ቀንዲ ረብሓታት ህጻናት ዘተኰረ ክኸውን ይግባእ። ኣብ መላእ ቤተ-ክርስትያን ሃገረ-ሽወደን ዝርከባ ከባብያውያን ምምሕዳራት ቤተ-ክርስትያን ኣብ'ዚ መዳይ እዚ ዝቕርባኡ ኣገልግሎታት ቀሊል ኣይኮነን። እዚ ድማ ነዞም ዝስዕቡን ካልኦትን ንጥፈታት የጠቓልል፡- ህዝባዊ ኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርትን ንጥፈታት ክረምትን፡ መዘምራን፡ ልምምድ መዝሙር ናይ ነኣሽቱ ህጻናት፡ ስካውት፡ ጉጅለታት ኣወዳትን ኣዋልድን፡ ካፈታት ወለዲ።

ህይወት ትርር ክትብለና እንከላ

ቤተ-ክርስትያን ውሽጣዊ ድምጺ ናይ ሰባት ክትሰምዖ፡ ሰባት ንወጽዓታቶምን ሓልዮት መሰረታዊ ድልየታቶምን ዝድርብዩሉ ባይታ ክትፈጥር፡ ከምኡ'ውን ናብ ዘይፍትሓዊ ተግባራት ከተስተብህል ጽውዕቲ እያ። ኣገዳሲ ክፋል ናይ'ቲ ብቤተ-ክርስትያን ሃገረ-ሽወደን ዝሰላሰል ማሕበራዊ ዕዮ፡ ዝተፈላለዩ ኣገልግሎታት ምኽሪ/ማዕዳ ምሃብ እዩ – ማለት ኣብ ኣዝዩ ተኣፋፊ ደረጃ ቅልውላው ዲኹም ዘለኹም ወይስ ብሓዘን ተዋሒጥኩም ወይ ብኻልእ ምኽንያት ናይ ውሽጥኹም እተዕልልዎ ሰብ ኣድልዩኩም፤ ብዘየገድስ። ድያቆናትን ኣባላት ሽማግለ ቤተ-ክርስትያንን፡ ሕጋዊ ምስጢር ሰባት ናይ ምዕቃብ ግዴታ ኣለዎም።

ሰላምን ጸጥታን

ቤተ-ክርስትያን ሃገረ-ሽወደን ንገዛእ-ርእሳ ሓንቲ ካብ'ተን ናይ ሽወደን ዓበይቲ ትካላት ልምዓታዊ ሓገዝ እያ። ኣብ'ዛ ብዙሓት ዝሓሸ ዓይነት ህይወት ዘስተማቕሩሉ ዘለዉ ዓለም፡ ብዙሓት ካልኦት ነዛ ንምንባርን ንመሰሎምን ዝቃለሱ ኣለዉ። በዚ ምኽንያት እዚ፡ ቤተ-ክርስትያን ሃገረ-ሽወደን ዓለም-ለኻዊ ተልእኾ ሒዛ ክትሰርሕ ንጹር ምኽንያት ኣለዋ። ቤተ-ክርስትያን ሃገረ-ሽወደን ካብ ሃገር ወጻኢ እተሰላስሎ ንጥፈታት እውን ኣለዋ። ካብ ሽወደን ወጻኢ ኣምልኾና ኩነ ኣገልግሎታት ቤተ-ክርስትያንና ከነሰላስል ከምኡ'ውን ደገፍ ክንረክብ እንኽእለሉ ባይታ ኣብ ዘለወን ዞባታት ሰበኻ፡ 45 ነቕኣጣታት ንጥፈታት ኣለዉና።

ተድልዩና ኢኹም!

ምሳና ኪዋስኡ ንዝደልዩ ሰባት ዝኾኑ ሓያሊይ ዕድላት/ባይታታት ኣለዉ። ገንዘባዊ ኣበርክቶ ግበሩ ወይ ኣብ ናትኩም ዞባ ሰበኻ ከም ወለተኛታት ብምኻን ተሳተፉ። ልዑል ጠለብ ናይ ወለንታዊ ኣበርክቶ ስለዘሎ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ዞባታት ሰበኻ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ናይ ማሕበራዊ ድሕነት ንጥፈታት ብምስታፍ ግዜኹም ከተወፍዩ ትኽእሉ ኢኹም። እዞም ንጥፈታት እዚኣቶም ካብ ምሕጋዝ ናይ'ቶም ናብ ሽወደን ዝኣትዉ ስደተኛታት፡ ክሳብ ቡንን መረቕን ምፍላሕ፡ ኣረግቶት ኣባላት ከባብያዊ ቤተ-ክርስትያን ንፋስ ክወስዱ ምሕጋዝ፡ ከምኡ'ውን ክሳብ ምቕላስ ምዝንጋዒ ዑደት ኣባላት ቤተ-ክርስትያን ዝፈላለዩ ክኹኑ ይኽእሉ። ንሓድሕድና ብምትሕልላይ፡ ልክዕ ከም'ታ ኣምላኽ ዝጸውዓ ቤተ-ክርስትያን ኴንና ክንርከብ ንኽእል።

ኣብ'ዚ በራሪ ጽሑፍ እዚ ኣገደስቲ ነጥብታት ሓበሬታ ዝሓዙ ሳጹናት፡-

- ኣብ ዓመተ-2016 ልዕሊ 40,000 ህጻናትን ዕድሚኦም ንዓቕሚ ሰብ ዝኣኽለ ሰባትን ተጠሚቐም።
- ካብ'ተን ኣብ ትሕቲ ቤተ-ክርስትያን ሃገረ-ሽወደን ዝመሓደራ ኣብያተ-መቕደስ ናይ'ዛ ሃገር፡ እተን 3,000፡ ብመሰረት ሕጊ ዕቃበ ባህላዊ ውርሻ ንዕኣን ዝምልከት ፍሉይ ውሕስነት ዝረኽባ እየን።
- ጸውዒት ተሌፎናትኩም ዝቕበሉ ተረኛታት ካህናት ኣለዉ። ካብ ሰዓት 9 ድ.ቀ. ክሳብ ሰዓት 6 ቅ.ቀ. ኣብ ዘሎ እዋን፡ መዓልታዊ ክትድውሉ ትኽእሉ ኢኹም።

- ቤተ-ክርስትያን ሃገረ-ሽወደን ንተናበይቲ ጐደናን ውጹዓት ሰባትን ዝኸውን ጥቕላላት መግቢ መዓልታዊ ትዝርግሕ።
- ቤተ-ክርስትያን ሃገረ-ሽወደን ኣብ ወጻኢ ኣብ ልዕሊ 100 ቦታታት ዝሰላሰሉ ንጥፈታት ኣለውዋ።
- እተን ኣብ ቤተ-ክርስትያን ሃገረ-ሽወደን ዝርከባ ልዕሊ 5,000 ዝቑጽረን ጉጅለታት መዘምራን፡ ኣስታት 100,000 ሰባት/ኣባላት የሳትፉ/ይጥርንፉ።
- ቤተ-ክርስትያን ሃገረ-ሽወደን፡ ዓመታዊ፡ ኣስታት 30,000 ዝቑጽሮም ንትህድስቲ ዝተሓጽዩ ደቂ 15 ዓመት ኩተትየታት ትቕበል።
- ቤተ-ክርስትያን ሃገረ-ሽወደን ኣካል ናይ'ቲ 143 ዝቑጽረን ብእምነት ዝተኣሳሰራ ትካላት ረድኤት ዝሓቑፍ ሕብረት ኤ.ሲ.ቲ. እውን እያ።

እቲ ኣብ ናይ ምርጫ ካርድ ሰፊሩ ዝርከብ ሓበሬታ ብዝተፈላለየ ቋንቋታት ተተርጒሙ ኣሎ። እዘም ቋንቋታት ኣብ'ዚ ዝስዕብ ገጽ መርበብ ሓበሬታ ክትከቡ ይኽእሉ፦ www.svenskakyrkan.se/kyrkoval/languages

----- (ካርድ ምርጫ) -----

ካርድ ምርጫ – ናይ ቤተ-ክርስትያን ምርጫ - 17 መስከረም 2017

ኣብ ናይ ቤተ-ክርስትያን ምርጫ ድምጽኹም እትህቡሉ ኣገባብ

ዕድሚኡም 16 ዓመት ወይ ልዕሊኡ ዝኾነ ኣባላት ቤተ-ክርስትያን ሃገረ-ሽወደን፡ ኣብ'ዚ ናይ ቤተ-ክርስትያን ምርጫ ድምጾም ኪህቡ ይኽእሉ እዮም። ኣገባብ ምርጫ፡ ምስ'ቲ ናይ ሓፈሻዊ ምርጫ ተመሳሳሊ እዩ። ኣብ ነቕኣጣ ምርጫ (ነዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ኣድራሻ ተመልከት) ድምጽኹም ንምሃብ፡ ናይ ምርጫ ካርድኹም ወይ መለለዩ ወረቐት መንነትኩም ክትማልኡ ኬድልየኩም እዩ።

ናይ ቀዳሞት መዓልትታት ምርጫ፡ ካብ 4–17 መስከረም

– ኣብ መላእ ሃገረ-ሽወደን ኣብ ዝርከቡ ቦታታት

ካብ 4-17 መስከረም ኣብ ዘለዉ መዓልታት፡ ኣብ ናይ ቀዳሞት መዓልትታት ምርጫ ድምጽኹም ክትህቡ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ ገጽ መርበብ ሓበሬታ www.svenskakyrkan.se/kyrkoval ንኹላቶም መድመጺ ነቕኣጣታት ምስ ናይ ዝኽፈቱሉ ሰዓታት ዝምልከት ሓበሬታ ዝሓዘ ካርታ ክትረኽቡ ኢኹም። ናይ ምርጫ (ድምጽኹም እትህቡላ) ካርድኹም ምስእትጠፍኣኩም፡ በጀመርታ ንቤት-ጽሕፈት ናይ'ቲ ናትኩም ዝኾነ ከባብያዊ ሰበኻ ክትሕብሩ ይግባእ። ይኹን እምበር ኣብ ካልኦት ቦታታት እውን ሓድሽ መውሃቢ ድምጺ ካርድ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። ከምኡ እንተኾይኑ እምበኣር መለለዩ ወረቐትኩም ከተርእዩ ኬድልየኩም እዩ።

– ብመገዲ ፖስታ ዝወሃብ ድምጺ

ካልእ ኣብ'ተን ቀዳሞት መዓልትታት ምርጫ ድምጽኹም ክትህቡሉ እትኽእሉ ኣገባብ፡ ብመገዲ ፖስታ እዩ። ነዚ ንኽትገብሩ፡ ብመገዲ ፖስታ ድምጽኹም ክትህቡሉ እትኽእሉ ጥማር ከድልየኩም እዩ። እዚ ድማ ኣብ ቤት-ጽሕፈት ናይ ጓሳ-ማሕበር ወይ ካብ ቤት-ጽሕፈት ከባብያዊ ምምሕዳር ቤተ-ክርስትያንኩም እዩ ዝርከብ። እቲ ድምጺ ምርጫኹም ዝሓዘ ፖስታ ቅድሚ ዕለት 15 መስከረም ኣብ ኢድ ቤት-ጽሕፈት ሰበኻ ምእንቲ ክበጽሕ፡ ብእዋኑ ልኣኽዎ። ንካርድ ምርጫኹም እውን ምስኡ ክትልእኽዎ የድሊ።

– ብመገዲ ወኪል ዝግበር ምውሃብ ድምጺ

ብመገዲ ወኪል ዝግበር ምውሃብ ድምጺ ምስ'ቲ ብመገዲ ፖስታ ድምጽኹም እትህቡሉ ኣገባብ ተመሳሳሊ እዩ። ነቶም ናብ ቦታ ምርጫ ብኣካል ክኸዱ ዘይክእሉ ሰባት ዘገልግል ኣማራጺ ድማ እዩ። ብመገዲ ወኪል ኣቢልኩም ድምጽኹም ንምሃብ፡ ብመገዲ ፖስታ ድምጽኹም ክትህቡሉ እትኽእሉ ጥማር ከድልየኩም እዩ (ኣብ ላዕሊ ተመልከቱ)። እቲ ብርሑቕ ዝውክለኩም ኣካል ድማ ንካርድ ምርጫኹም ምስኡ ብምምላእ ኣብ ቦታ ምርጫ ድዩስ ናብ'ቲ ድምጺ መውሃቢ ካርድታት ናብ ሳጹን ዝኣትዉሉ ኣብያተ-ጽሕፈት/ነቕኣጣ ጨናፍር ቤተ-ክርስትያን ብኣካል ከይዱ ንዝሃብኩሞ ድምጺ የረክብ።

Kyrkoval
17SEP2017

ድምጺ ምሃብ - ኣብ መዓልቲ ምርጫ፡ 17 መስከረም

– ኣብ ናትኩም ቦታ/መደበር ምርጫ

እቲ እትወስድዎ ድምጺ መውሃቢ ካርድ ኣበየናይ መደበር ከተድምጹ ከምእትኽእሉን እቲ መደበር ምርጫ ንዝኽፈተሎም ሰዓታትን (ኣብ ላዕሊ ተመልከቱ) ይጠቅስ እዩ። ናይ ምርጫ ካርድኹም ወይ መለለዪ ወረቐት መንነትኩም ምሳኹም ክትማልኡ ኬድልየኩም እዩ።

– ድምጺ መውሃቢ ካርድታት ናብ ሳጹን ዝኣትዉሉ ነቑጣ

ኣብ መዓልቲ ምርጫ ካብ ክሊ ጨንፈራዊ ምምሕዳር ቤተ-ክርስትያንኩም ወጻኢ ምስእትህልዉ፡ ድምጺ መውሃቢ ካርድታት ናብ ሳጹን ኣብ ዝኣትዉሉ ነቑጣ ብምኻድ ድምጽኹም ክትህቡ ትኽእሉ ኢኹም። ነዚ ንምግባር ድማ ናይ ምርጫ ካርድኹም ምሳኹም ክትማልኡ ከድልየኩም እዩ።

ካብ ሃገር ወጻኢ ዲኹም ዘለኹም?

ኣብ ማዕከን መዝገብ ህዝቢ ናይ ሽወደን እቱዋት ክነሶም ኣብ መዓልቲ ምርጫ ካብ ሃገር ወጻኢ ዘለዉ ዜጋታት፡ ድምጾም ብመገዲ ፖስታ ኪህቡ ይኽእሉ እዮም (ኣብ ላዕሊ ተመልከቱ)። እዚ ድምጺ ምርጫ ዝሓዘ ፖስታ እዚ ቅድሚ ረቡዕ ዕለት 13 መስከረም ኣብ ኢድ ዝምልከቶ ምእንቲ ክበጽሕ፡ ናብ ማእከላይ ቦርድ ናይ ቤተ-ክርስትያን ሃገረ-ሽወደን ክለኣኽ ይግባእ። ኣድላዪ ምስዝኽውን ሓድሽ ናይ ምርጫ ካርድ ኪወሃብ ይከኣል እዩ። እዚ ድማ ብመገዲ ኣብ ወጻኢ ዝርከብ ዞባዊ ጨንፈር ቤተ-ክርስትያን እዩ ዝለኣኽ።

Kyrkoval
17SEP2017

እትህብዎ ድምጺ ኣብ ልዕሊ ኣገባብ ምሕደራ ናይ ቤተ-ክርስትያን ሃገረ-ሽወደን ጽልዋ ኣለዎ

ንመስርሕ ምርጫ ናይ ቤተ-ክርስትያን ዘቕሙ ስለስተ ደረጃታት ወይ ንኡሳን-መጫታት ኣለዉ፡-

ብደረጃ ከባብያዊ ምምሕዳር ቤተ-ክስትያን ዝግበር ምርጫ – በብከባቢኹም እትገብርዎ ምርጫ

ንከባብያዊ ምምሕዳር (ጉጅለታት) ቤተ-ክርስትያንኩም ዝውክሉ ኣባላት ትመርጹ። እዚ ኑቶም ብደረጃ ከባብያዊ ምምሕዳር ቤተ-ክርስትያንኩም ኣተካይድዎም ንጥፈታት ወሳኒ እዩ። *ጸዓዱ ድምጺ መውሃቢ ወረቓቕቲ።*

ብደረጃ ዞባ ሰበኻ ዝግበር ምርጫ – ዞባዊ

ቤተ-ክርስትያን ሃገረ-ሽወደን ኣብ 13 ዞባታት ሰበኻ እተኸፍለት እያ። ኣብ ሓደ ዞባ ሰበኻ፡ እቲ ዝለዓለ ውሳኔ ዘሕልፍ ኣካል ቁንስል ዞባ ሰበኻ እዩ። እቲ ቀንዲ ሓደ ዞባ ሰበኻ ዝስከሞ ሓላፍነት/ዕማም ድማ፡ ኣብ ምሕደራን ንጥፈታትን ናይ'ተን ኣብ ትሕቲኡ ዝርከባ ጨናፍር ምምሕዳር ቤተ-ክርስትያን ኣድላዩ ዘበለ ደገፍ ምሃብ እዩ። *ሊላ ዝሕብሮም ድምጺ መውሃቢ ወረቓቕቲ።*

ሓፈሻዊ ናይ ሲኖዶስ ምርጫ – ብደረጃ ሃገር

ሓፈሻዊ ሲኖዶስ፡ እቲ ብደረጃ ቤተ-ክርስትያን ሃገረ-ሽወደን ዝለዓለ ውሳኔ ዘሕልፍ ኣካል ኰይኑ፡ ብ 251 ኣባላት ዝቑመ እዩ። ኣብ ሓባራውያንን ኣጠቓለልትን ጉዳያት ናይ ሕብረት ምእመናን ውሳኔታት ዘሕልፍ ኣካል እዩ። *ብጫ ዝሕብሮም ድምጺ መውሃቢ ወረቓቕቲ።*

ብዛዕባ እንታይ እየ ድምጸይ ዝህብ?

እዚ መስርሕ ምርጫ ናይ ቤተ-ክርስትያን፡ ምምራጽ ናይ ሕጹያት ጉጅለታትን ንዕኣን ኣውክሉ ኣባላትን የጠቓልል። እቶም ንምርጫ ዝቐርቡ ጉጅለታትን ውልቀ-ሕጹያትን ኣብ'ዚ ዝስዕብ ገጽ መርበብ ሓበሬታ ተዘርዚሮም ኣለዉ፡- www.svenskakyrkan.se/kyrkoval። ነፍሲወከፍ ጉጅለ ነቲ እትቐርበሉ ዘላ ደረጃ ምርጫ ዝምልከት ሓበሬታ ትህብ እያ። ኣብ ድምጺ መውሃቢ ወረቐት ማዕረ ኣስማቶም ናይ መስቀል ምልክት ብምግባር ከኣ ሰለስተ ውልቀ-ሕጹያት ክትመርጹ ትኽእሉ። እዚ ምግባርኩም እቲ ውልቀ-ሕጹይ ድምጺ ንኽረከብ፣ ንስኹም ድማ ብመገዲ እቲ ዝመረጽኩሞ ኣባል ምምሕዳራዊ ውክልና ክትረኽቡ ዝሕግዝ እዩ። ኣብ ካርድኹም ኣብ ጐድኒ ናይ ዝኾነ ይኹን ስም ሕጹይ ናይ መስቀል ምልክት ምስዘይትገብሩ፡ ድምጺ ምርጫኹም ንሕጽይቲ ጉጅለ ኪወሃብ እዩ።

ንካርድ ምርጫኹም ምስእተጥፍእዎ

ንካርድ ምርጫኹም ምስእተጥፍእዎ፡ ሓድሽ (ቅዳሕ ድምጺ መውሃቢ ካርድ ተባሂሉ ዝፍለጥ) ኪወሃበኩም ዝከኣል እዩ። ቅድሚ ዝኾነ ነገር ምግባርኩም ግን ነቲ ንዓኹም ዝምልከት ቤት-ጽሕፈት ከባብያዊ ጨንፈር ናይ ቤተ-ክርስትያን ተወከሱ። በዞም ዝስዕቡ ክልተ ኣማራጺታት እውን ጠለብ መተካእታ ካርድ ከተቕርቡ ትኽእሉ፡- ብመገዲ ገጽ መርበብ ሓበሬታ www.svenskakyrkan.se/kyrkoval ወይ ኣገልግሎት ምርጫ ቤተ-ክርስትያን ሃገረ-ሽወደን - ቀ. ተሌ. +46 (0)18-16 96 00። እቲ ናይ መተካእታ ክርዲ ምርጫኹም ኣለኣኽሉ ኣድራሻ፡ እቲ ኣብ ማዕከን መዝገብ ህዝቢ ሽወደን ሰፊሩ ዘሎ ኣድራሻኹም እዩ።